## ብሰንኪ እገዳ ሃገርና ብኢትዮጵያ ትድፈር ስለዘላ፡ መኸተና ምሕያል ናይ ግድን ስለዝኾነ ናብቲ ኣብ ዕለት 27.04.2012 ኣብ በርሊን ዝግበር ሰላማዊ ሰልፊ ብሓባር ንበገስ

ኢትዮጵያ ብዕለት 15.03.2012 ርኣዩለይ ስምዑለይ ልዑላዊ ዶብ ኤርትራ ጥሒሳ 18 ኪሎ-መተር ኣትየ ኣጥቂዔ ዝብል ወግዓዊ መግለጺ ሂባ። መንቀሊ ናይዚ ድርቅናዚ፡ ጎይቶታ፡ 1. ኤርትራ መሳርያ ንኽይትሸምት ኣጊዶም፡ በንጻሩ ድማ ኢትዮጵያ ብጀካቲ ዝህብዋ ማእለያ ዘይብሉ መሳርያ፡ ካብ ሰሜን ኮሪያ ከይተረፈ ንኽትሸምት ስለዝፈቐዱላ 2. ብወግዒ ልዕሊ 600 ወይጦታትን ጅሃዳውያንን ኣብ ኣዋሳ/ኢትዮጵያ ኣኪባ፡ ኣጀኹም መንግስቲ ኤርትራ ንምግልባጥ ኣብ ጎንኹም ኣሎና ምባል ብጎይተታ ከም ቅቡል ስለዝተወሰደን ኮይኑ፡ ኤርትራ ንዓፋር ተቓወምቲ (ኣርዱፍ) ትድግፍ ኣላ ዝብል ናይ ሓሶት ክሲ ኣመኽንያ ወራር ንኽትፍጽም የተባብዓ ኣሎ። መለስ ዜናዊ ሎሚ ንዝኾነ ኣብ ሃገሩ ዘጋጥሞ ጸበባ ሻዕብያ እያ ጌራቶ ከምዝብል ዓለም ፈሊጥዎ ክንሱ፡ ብዓል ኣመሪካን ጀርመንን ማዕከናት ዜናታተንን ግን ከም ምኽንያት ንእገዳ ይቕበልኦ ኣለዋ። እቶም ተጨውዮም ኔሮም፡ ካብ ኢድ ኣርዱፍ ነጻ ዝተለቁ ጀርመናውያንን መንግስቲ ጀርመንን ከጽቀጡ ዝመረጹኸ፡ ወያኔ ንኽይትጋለጽ ተባሂሉ ድዩ፧ ስለምንታይ እዮም ዋና-ጸሓፊ ሕ.ሃ.ዓ. ባንኪ ሙንን መራሕቲ ምዕራባውያን ሃገራትን፡ ንወራሪን ተወራሪን ማዕረ ሰሪዮም “ካብ ቀጻሊ ግጭት ተቖጠቡ” ዝብሉ ዘለዉ፧ ወራሪት ኤርትራ ኔራ እንተትኸውንከ፡ ብቕጽበትዶ ኩነኔን እገዳን ኣይምስዓበን፧

ወያኔ፡ ሎሚ ውሽጣዊ ጎነጻትን ተቓውሞታትን ካብ ቁጽጽራ ስለዝወጸ፡ መለስ ዜናዊ ዕብድብድ ኣትዩዎ፡ ውቃቤኡ ደስ ንዘይበሎ ኩሉ ግብረ-ሽበራዊ ኢኻ ብምባል ንሞትን ሕየትን ይፈርድ ኣሎ። ሕፍር ከይበለ፡ ካበይ ከም ዘምጾ እውን ዘይፍለጥ **“ሻዕብያ ንኣዲስ ኣበባ ካልኣይቲ ባቕዳድ ክገብራዩ ትብል ኣላ”** ዝብል ለይቲ ዘባህረሮ ነገር ድማ ብተደጋጋሚ የቕርብ ኣሎ። እዚ፡ ንኩነታት ኣእሙሮኣዊ ጥዕናኡ ኣብ ሕቶ ዘእቱን ሓደገኛ ነገርን እዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝብላዕ እምበር መስሓቒስ ኣይስኣነን። **“ናይ ሻዕብያ ኢድ ኣላታ”** እናበልካ ንመለስ ዜናዊ ምልጋጽን ምስሓቕን ንቡር ነገር ጌርዎ ኣሎ። ብዓል ጀርመን ንወያኔ ካብቲ 80 ሚልዮን ህዝቢ ኢትዮጵያ ከድሕንኦ ስለዘይክእላ፡ ጥቕሚ ንዘይርከቦ ንኤርትራን ህዝባን ኣብ ሓደጋ ካብ ምውዳቕ እንተዝቑጠባን ኣንጻርቲ ዘይሕጋዊ እገዳ እንተዝሰርሓን ምሓሸን። ከምኡ ንኽገብራ ድማ ክጽውዓ ኣለወን። ከምዝፍለጥ ወኪል ጀርመን ኣብ ጉዳያት ኣፍሪቃ (Matthias Muelmenstaedt) ጃህራ ብዝመልኦ ኣዘራርባ 1. ምስ መለስ ዜናዊ ቢዝነስ ክገበር ከምዝከኣል 2. ንኢትዮጵያ ዝህቡዋ ናይ ቢልዮናት ዶላራት ቁጠባዊ ሓገዝ ኣብ ዓለም ሳልሳይ ቦታ ከምዝሕዝ 3. እቲ ንኤርትራ ንፕሮጀክት ማዕድን ቢሻ ክውሃብ ዝነበሮ ገንዘብ ከሊእናያ ስለዘሎና ቢሻ ምስኡ ድማ ቁጠባ ኤርትራ ክዓኑዩ ብምባል መርገጺ ሃገሩ ኣጉሊሑ ከምዝርኤ ጌሩ ኔሩ። እዚ ኩሉ ንምምሕዳር ኣመሪካ ንምሕጓስን ንወያነ ንምቕብጣርን ኮይኑ፡ ንኤርትራ ድማ እቲ ብዜጋታታ ዝውሃብ 2% ሕፍር ከይበሉ ንጥቕሚ ኤል- ሻባብ ይውዕል ኣሎ፡ በስገዳድዩ ዝእከብ ዘሎ ዝብል ጽውጽዋይን ካብ ክውንነት ዝረሓቐን ኣብሃህላ ብማዕከናት ዜናኦም የቃልሑ ኣሎዉ። ኤርትራውያን ተቐማጦ ጀርመን ካብ 70ታት ስጋብ ዕለት ናጽነት፡ ቅድም 20%፣ ድሓር 10%፣ ድሒሩ ድማ 5% ናይ እቶቶም ብምኽፋል ኣብ ምሕራር ሃገሮም ዓቢ ተራ ዝተጻወቱ ስለዝኾኑ፡ ነዚን

ቁንጣሮ 2% ንኽኽፍሉ ዝነግር ኣየድልዮምን እዩ። እቲ ዘገርም ግን፡ እታ ቢልዮናት ዶላራት ዝህቡዋ ኢትዮጵያ ክትጠሚ ከላ፡ ኤርትራ በተን 2% ገርእሳ ጸጊባስ ንኤል-ሻባብ ትሕግዝ ኣላ ምባል እዩ። እዚ ንዕቀት ንሰማዒ ዝኾነ ኣበሃህላዚ፡ መረጋገጺ ከቕርቡ ከምዘይክእሉ እናፈለጡ ዝብልዎ እዩ። እታ ናይ ሶማልያን ኤርትራን ናይ ሓለዋ ጉጅለ (ሞኒቶሪንግ ግሩፕ) ዝብልዋን ኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ኣስመራን መንግስቲ ጀርመንን፡ ትጽቢቶም ቁጠባ ኤርትራ ድሕሪ ሓጺር ጊዜ፡ መሬት ዘቢጡ ኤርትራ ከም ሶማልያን ኣፍጋኒስታንን ውድቕቲ ሃገር (failed State) ንኽትከውን ምኺኑ ሓቢሮም ኔሮም። ግን በንጻሩ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ብምትሕብባር ቁጠባ ኤርትራ ብ17% ከምዝዓቢ ስለዝገበርዎ፡ መዓንጥኦም ሓሪሮም። ስለዚ ንሕና ኤርትራ ዝመበቆልና ጀርመናውያን፡ ኤርትራውያንን የዕሩኽቲ ኤርትራን ብሓባር፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝግበር ዘሎ ክምህ ዘይብል መኸተ ብምጥማት፡ ንታህዲድ ወያነን ነተን መሳርሒ ዕብለላ ዝኾና ማዕከናት ዜናን፡ ንኽልተ መለክዒታት ምዕራባውያን መንግስታትን፡ ንምምካት ቅሩባት ክንከውንን ክንትስእን ይግባእ። ኣብ ህንጸት ናይታ ብውግእ ዝዓነወት ሃገርና ምክፋል፡ ክድነቕ ዝግብኦን መሰልን ግቡእን እዩ። ርሂጽና ካብ ዘእቶናዮ 2% ንሃገርና ንኽይንኽፍል ዝኽልክል ሕጊ ድማ ኣብ ጀርመን የለን። እዚ ጥራሕ ዘይኮነ ድማ፡ ኣብ ቀጻሊ ናይ መኸተ መደብና፡ ንሃገርና ዘርብሕን ንዓና ከም ውልቀ-ሰባት ቁጠባዊ ትሕዝቶና ዘዕቢን መደባት - ከም ናይ ሓባር ትካላት ምግባር ወይ ኣብቲ ዘሎ ከም ናይ ማዕድን ኩባንያታት ብርኪ (Share) ምእታው…ወዘተ ዝትሕዝቶኡ ፕሮጀክትታት ብምግባር ንጸላእቲ ዘሰንብድ ኩነታት ክንፈጥር ዝኾንና ካብ ሎሚ ከነበስሮም ንፈቱ።

## ጠለባትና፡

- ኢትዮጵያ ንኩሉ ሕግታት ዓለም ጥሒሳ ሒዛቶ ካብ ዘላ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ንኽትወጽእ።
- ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ንምግባር ዝቐረቡ መርትዖታት ሓሶት ኮይኖም ስለዝተረኽቡ፡ እቲ እገዳ ንኽልዓል።
- ሽፍትነታዊ መጥቃዕቲ ወያኔ ንኽኹነን
- ንዓሌታዊ ስርዓት ወያኔ ዝወሃብ ሓገዛት ደው ክብል ወዘተ እዮም።

ሰላማዊ ሰልፊ፡ ኣብ በርሊን (Mitte) Alexanderplatz ዓርቢ ንግሆ ሰዓት 8.00 ክጅመር ስለዝኾነ ካብ ከለን Busbahnhof ሓሙስ ምሸት ሰዓት 22:00 ክንነቅል ኢና።

ናይ ምምዝጋብን ካልእ ዝርዝር ሓበሬታን ክስዕብ እዩ።

ዓወት ንሓፋሽ

ሸማግለ ህዝባዊ መኸተ ከለንን ከባቢኣን። ከለን 20.03.2012